# መሰረት ሃገር፣ዓዲ

## መበል 10ይ ክፋል

ኹሉ ኤርትራዊ ኣስላማይ ይኹን ክርስትያን፡ ብማህጸን ደቂ ኣንስትዮኡ፡ ሃይማኖቱ ከስፋሕፋሕ ምስ ዝፍትን፡ ንሕብረተ-ሰብ ገማሚኡ፡ ንረብሓ ግዳማውያን ክዓዪ እንተ ዘይኮይኑ፡ ካልእ ከምጽኦ ዝኽእል ህዝባዊ ረብሓ ከቶ የልቦን።

ብዛዕባ ስርዓት እሰያስን ሽግር ሃገርናን ህዝብናን፡ ከምእውን ብዛዕባ ተቓወምቲ ውድባትን ጀሃዳዊ ምንቅስቓስን ቅድሚ ሕጂ ብዙሓት ዓንቀጻትን ርእይቶታትን ብመርበብ ሓቤረታ ደቀባት ተዘርጊሖምዮም።ይኹንእንበር ብዘይካቲ ኣብ ስደት ዝነብር ሓደ ክፋል ህዝብና እንተዘይኮኑ፡ እቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝነብር ህዝብና ግን፡ እቲ ዕድል ረኺቡ ከንብብ ዝኽእል ውሑድ ቊጽሪ እንተዘይኮይኑ፡ ዳርጋ እቲ መብዛሕትኡ ህዝቢ ንኽረኽቦ ዕድል ኣይረክብንዩ፡ እንተተባህለ ካብ ሓሶት ዝርሓቐ ኣይኮነን። እቶም ፌደል ዝቐጸሩን፡ ኣብ ኢንተርነት ኣትዮም ሓበረታ ንኽረኽቡ፡ ዕድል ዝነበሮም መንእሰያት ከኣ፡ በቲ ጭፍራ ህግዲፍ ብቐስብ እናተገፉ ንባርነት ስለዝኳረቱ፡ እናበሃጉዎ ስኣን ሓበሬታ ባርያ ህግዲፍ ኮይኖም፡ ኣብ ፈቐዶ በረኻታት ተዘሪዖም ይነብሩ ኣለው።

ዝኾነ ኮይኑ ሓሶት ብዙሓት ስለዝደገፉዋ፡ ኣብ ሓቒ ተቐዪራ ማለት ስለዘየስምዕ፡ ከምኡውን ንሓቒ ውሑዳት ስለዝደገፉዋ፡ ኣብ ሓሶት ተለዊጣ ማለት ዘበትዩ። ንሕና እምብኣር ሕጂውን እንተኾነ፡ ተሓሊልና ከይበልና፡ ነቲ ሓቒ ዝኾነ እሞ ብሰንኪ ፕሮፓጋንዳ ህግዲፍ፡ ውሑዳት ደቂ ሃገር ጥራይ ስለዝረኽቡዎ፡ ሓሶት ስለዝኾነ ዘይኮነስ፡ እቶም ቅኑዓት ደቂ ሃገር ኤርትራውያን፡ ንግዚኡ ጸላእቲ ስለዝበሓዎም ዕድለኛታት ኣይኮኑን። ስለዚ ተስፋ ከይቆረጽናን ከይተሓለልናን፡ "ሓቒ ነጻ ከተውጽኣኩም እያ" ከምዝብሎ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ዓቕምና ብዝፈቐዶ፡ ክሳብ ብሂወትና ዘሎና፡ እታ ሓቒ ንህዝብና ከነበስርን ክንሕብርን መብጽዓ ንኣቱ። እዚ ማለት ከኣ ህግዲፍ እኳ ሕንኽ ከይበለ፡ ካብ ህዝቢ ዝመጸዮ ገንዘብን ግዝያዊ ሓይልን፡ መርበብ ስለላን ስለዝወነነ፡ እሞ ከኣ ክንደይ ደም ንጹሃት ዘፍሰሰ፡ ዘይተኣደነ ሓሶት ናብ ሓቒ ክቕይር፡ ክሳብ ዕርበቱ ገልዳሕ ዝብል ዘሎስ፡ ንሕና ግዳ ንመን በዲልና፡ ትንፋስ መንከ ኣሕሊፍና፡ ድኽነትናን ሓቒነትናን ሒዝና፡ ክሳብ ዓቕምና ዝጽንቀቕ፡ ኣብ ልዑል ኣምላኽና ኣሚና፡ ብትብዓትን ብዘይተስፋ ምቝራጽን፡ ኣብ ቅኑዕ <u>ስትራተጂ ዓዲ</u> ዝተመስረተ መትከል ሒዝና፡ ሓበሬታን ኣስተምህሮን ነቲ ውጹዕ ህዝብና፡ ክንዝርግሕ ዘይንኽእለሉ መኽንያት እንታይ ኣሎ።

ርግጽዩ ሓያሎይ ድቂ ሃገር፡ ሓደ ሓደ ግዜ፡ "ብጽሑፍ ጥራይ ትንፋስና መሊኽና፡ ግብሪ ዘይብሉ ጽሑፍ ጥራይ ንህዝብና እንታይ ክዓብሰሉዩ" እናበሉ፡ ቀቢጸ ተስፋ ዘረባታት፡ ክዛረቡ ይስምዑዮም። ነዚ ክንምልሰሉ እንተድኣ ኮና ግን፡ ህዝብና ንመዋእል ብስምዒትን ብጎነጽን ጥራይ እዩ ሰውራ ኣካይዱ። ብባህጊ ጥራይ ከኣ፡ ነጻነት እትብሃል ቃል እናጨረሐ ድሕሪ ምጽናሕ፡ እንሆ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ምንታይ ወዲቑ ይርኣ ኣሎ ንብሎም። ህዝብና ኣብ ክንዲ ብረት ትምህርን ንቕሓትን፡ ኣቐዲሙ ኣንተዝሽውን ነይሩ፡ ኣብዚ ሕጂ ወዲቑዎ ዘሎ መመክሒ ኮይኑ ኣይምወደቐን ንብል። ስለዚ ሕጂውን ፍልጠት ይኹን ሓበሬታ ወዮ ተረኺቡ ድዩ፡ እንተተኻኢሉስ ክንደይኳ ንህዝብና ይሕግዞ እናበልናዮም፡ ዕዮና ከምንቕጽል ደጊምና ክንሕብሮም ንፈቱ። ንህዝብና ክሳብ ሎሚ፡ እታ <u>ቅንዕቲ ስትራተጂ ዝኾነት መንገዲ ዓወት</u>፡ ክሕብሮ ዝበቕዐ ውድብ ይኹን ውልቀ-ሰብ ስለዘይረኸበ፡ <u>ንሕና ከም ደቂ ዓዲን</u> <u>ደቂ ርስትን፡ ደቂ ሃይማኖንት መጠን</u>፡ ሓቒ ሒዝና፡ ነዞም ኣብ ዝባን ህዝብና ከም መንድዓት ኮይኖም፡ ምውራድ ኣብዮሞ ዘለው፡ ኢሳያስን ኮራኹሩን፡ ክሳብ ዝፈሽሉ፡ ኣስቂጥናን ኣማዕዲናን ክንርእዮም፡ ሕልናናን መንነትናን ከፍቅደልና ከቶ ኣይካልንዩ። ስቕ ክንብል እንተደለናውን ክሳብ ኣብ ጕድጓድ እንኣቱ ክውሓጠልና ፈጺሙ ኣይክኣልንዩ። ብዙሓት ደቂ ሃገር ንባዕሎም፡ ካብ እሰያስ ዝሽፍኡ

ጨካናት ዲክታቶራት ክነሶም፡ ብዛዕባ እሰያስን ስርዓቱን ከማርሩን ከካፍኡን ንሰምዕ ኢና። ብወገኖም ዘርእዩዋ ቅንጣብ ዲሞክራስያዊት ስራሕን፡ ህዝባዊ ሓልዮትን ግን ህዝብና ይተሓተት። ክሳብ ሕጂ ዝተራእየሎም ቊምነገርውን ፍጹም የልቦን። እታ ሓንቲ መናዊሒት ዕድመኦም ኮይና ዘላ ግን፡ ግፍዐኛን ትዕቢተኛን እሰያስ፡ ሓልዮት ሃገርን ህዝብን ዘይብሉ ዲክታቶር ምዃኑ፡ ይልፍልፉ እዮም።

ብሓጺሩ ርሑቕ ከይከድና፡ እቶም ውድባት ኢና ዝብሉን ምሁራቶምን፡ ኣብዘን ኣብዚ ቀረባ ሰሙናት፡ ኣብ ከባቢ ኢወሮጳ ዝሓለፉ ፌስቲቫላቶምን ጕባኤታቶምውን፡ እቲ ተስፋ ዘይቆርጽ ህዝብና ሎሚስ ሓባራዊ ፌስቲቫል ክገብሩዮም ኢሉ፡ ክጽበ ጸኒሑ ከብቅዕ፡ ንሶም ግን ከምታ ኣመሎም፡ ዋላ ትንፈር በጊዕ እያ እናበሉ፡ እቲ ጸርፍኳ ዝገደፉ የብሎምን፡ እንቶ እቲ ፍሪኦም እሞ ህዝቢ ይፍረዶ።ብወገኖም ነታ ንእሽቶ፡ ብህዝቢ ትድለ <u>ቅንዕቲ መንገዲ ፍትሕን ዲሞክራስን</u>፡ እዚኣ'ያ ኢሎም ከቕርቡ ግን ኣይተራእዩን ኣይተሰምዐንውን። ልክዕዩ እዞም መራሕቲ ውድባት እዚኣቶም፡ ቅኑዕ ዓላማን ህዝባዊ ሓልዮትን ተገዳስነትን ስለዘይብሎም፡ ትሓቢኦም ክእከቡን ክፍንጥሑን ግድነትዩ። እዚ ኵሉ ዓመታት ኣብ ፌስቲቫላትን ጕባኤታትን፡ ብዛዕባ እሰያስን ስርዓቱን፡ ካብ ምቕዛም ሓሊፎም ከኣ፡ ህዝቢ ተስፋ ዝገብረሉን ዝቕበሎን ቊምነገር ከርእዩ ኣይበቕዑን። ሎሚ ግን ህዝብና፡ "እሰያስ ከምዚ እዩ፡ እሰያስ ከምቲ እዩ፡ እናበልኩም ክትልፍልፉን ክትጽሕፉን፡ ኣይፋልኩምን ሎምስ ኣእዛና ኣጽሚምኩምና። ድሮ መበል 20 ፌስቲቫል ኣብዒልኩም፡ ክሳብ ሕጂ ተስፋና ክሳብ ዝልሕልሕ ጥራይ ኣረብሪብኩምና። ናይ እሰያስሲ ንፈልጦ ኢና። ናትኩም ጥራሕ ነገሩና። ዓላማኹምን እስትራተጂኹምን እንታ'ዩ ኣፍሉጥና? እሰያስ ጸረ ህዝቢ ዝኾነ ስርዓት ካብ ሃለዎ፡ ንስኻትኩም ክትምስርቱዎ ትደልዩ ጥዑይ ህዝባዊ ስርዓትከ ከምዚ'ዩ እስከ በሉና። እስከ ከም መበገሲ ጥራይ፡ እታ ሕብረት ኣትብሃል ተስፋና ኣርጋግጹልና። ኣብ ግብሪ ከኣ ኣሪኡና።" ኢሉ ክሓቶም እዋኑ ዝኣኸለ ይመስል ኣሎ። ብወገን ህዝቢ ከይተሰዋእካ ዓወት ስለዘየለ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ተላዓዒሉ ብትብዓት ክምክት እዋኑ ይጠልቦ ኣሎ። ከምኡውን እቶም ክሰርሑን ክንቀሳቐሱን፡ ምእንቲ ሃገርን ህዝብን ክዛረቡን ክቃለሱን ዝኽእሉ፡ ኣብ ነጻ ሃገራት ዝቕመጡ ምሁራትን ክኢላታትን፡ ክሳብ ሕጂ ዝጸንሖም ድኻሞምን ስንፍናን ይኣኽለና ኢሎም፡ ክበራበሩን ክምክቱን እዋኑ ይጠልቦም ኣሎ።

እወ ህዝቢ ኤርትራ፡ እታ ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ዓቒቡዋ ዝጸንሐ፡ እታ ዓደይ እትብል ባህጉ፡ እታ ልዑላውነት እትብል ራእዩኡን፡ እታ ፈሪሃ እግዚኣቢሄር ጽንዕቲ እምነቱን፡ ማለት ብኣምላኽ ዝተዓደለቶ ክርስትና ሃይማኖቱ፡ ከምኡውን እቶም ንኹሎም ደቂ ሰባት ዝተዓደለቶም <u>ከም ሰብ መጠን ምዩቕ ከይበልካ ምንባር</u> <u>እትብል ባህርያዊትን ህያብ ዓቒቡ ክነብር እዩ ሸውሃቱን ዓላማኡን</u>። እዚ ክንብል ከሎና፡ ህዝቢ ኤርትራ ከም መትከል ተቐቢሉዎን፡ ኣሚኑሉን ዝጸንሐ ሓደ ቅኑዕ ዲሞክራስያዊ ኣገባብ ነይሩዎ፡ ንሱ ከኣ ኣስላማይ ኣብ መስጊዱ፡ ክርስትያን ከኣ ኣብ ቤተ-ክርስትያኑ ሓራ ኮይኑ ክነብር ዝብልዩ። ካብ ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ጀሚሩ ከኣ፡ ብሓይሊ ንኣብ ክርስትና ዘይኣምን ሰብ፡ ኣብ ክርስትና እመን ኢሉ ኣገዲዱ ኣይፈልጥን። ንእምነቱ ንኽደፍሩ ዝመጹ ጸላእትን ወረርትን ግን፡ ብትብዓት ተኻላኺሉ ከፍሽሎም ጸኒሑ እዩ። ከማኡ ገሩ ከኣ ነታ ሃገርና ኤርትራ ንውሉድ ወለዶ ከመሓላልፋ ጸኒሑ እዩ። ሕጂውን ኣንተመጹዎ ከፍሽሎም እዩ።

እስከ ነዚ ድሕሪ ሓደ ሚእቲ ዓመታት፡ ሎሚ ኣብ መበል 21 ክፍለ ዘመን ዝቃላቐል ዘሎ፡ እሞ ብስውራት ግዳማውያን ሓይልታት ዝተማህዘ ጅሃዳዊ ሓይሊ፡ ከመይ ኢሉ'ዩ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ተኣታትዩ ኢልና ታሪኽ ብምግንጻል ክንመራመር ንፈትን። ምስልምና ሃይማኖት ኣብ ምድሪ ዓረብ፡ ንርእሱ ከይተዘርግሐ ከሎ፡ ሰብ-መካ ኣሕዋቱ ንነቢ መሓመድ "ነቢይ ኣይኮንካን" ኢሎም፡ ካብዛ ዓለም ክምንቊስዎ ምስ ጽዓሩ፡ "ኪዱ ኣብ ሓንቲ ምድረ-ባሕሪ ንጋሲታት ዝኾነት ዓዲ፡ (እዛ ሕጂ ኤርትራ እትጽዋዕ ዘላ ሃገር ማለቱ'ዩ) ኣብ ባሕረ ነጋሲ ዝተባህለ ዓቢ ሹም ተዓቖቡ" (ኣብ ከተማ ድባርዋ ዝተባህለት ከተማ ማለቱዩ)፡ ኢሉ ልኢኹዎም። ተሰዲዶም ምስ መጹዎ ከኣ ባሕረ-ነጋሲ፡ ብሕጉስ ገጽ

ተቐቢሉ ኣዕቀኑዎም። ስለዚ ህዝቢ ምድረ-ባሕሪ ወይ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ጥንቲ ጀሚሮም፡ ታሪኽ ከም ዘረጋግጾ፡ ፈተውቲ ምስልምና ድኣንበር፡ ጸላእቲ ምስልምና ኮይኖም ኣይፈልጡን። ኣብዚ እዋንዚውን ኮይኖም ኣይፈልጡን፡ ብሕጂውን ክኾኑ ኣይደልዩን። ባህሪኣምውን ኣይኮነን። መኽንያቱ ከኣ ንሶም ሃይማኖቶም ዓቂቦም ክነብሩ፡ እቲ ካልእ ሃይማኖት ዘለዎውን፡ ሃይማኖቱ ዓቂቡ ክነብር ኣይጻብኡዎን ኣዮም። ካብዚኣ ትበልጽ ዲሞክራሲ ከኣ የልቦን። እንታይ ዳኣ እዩሞ እቲ ጸገም ናይዞም ዘበናውያን ጨሓማት? ኑቲ ካብ ጥንቲ ቋንቋኡ ትግረ ዝኾነ ኤርትራዊ ኣስላማይ እንታይ፡ ግበር ይብሉዎ ኣለው?

ሓደ ኣባል መሪሕነት ፈደራልያ ዝብሃል ውድብ፡ ዶክቶር ጀላን ዝተባህለ፡ ንኤርትራ ብወረ ጥራይ ዝፈልጣ፡ ዘይተወልደላን ዘይዓበየላን፡ ሓደ ግዜ መደሪኡ ከስምዕ እንከሎ፡- “ኤርትራ ምድረ ጀሃድ ሴፍ ኣይኮነትን፡ እንታይ ድኣ <u>ምድረ ስብከት ጀሃድ</u> እያ“ ይብል። እቲ ቀንዲ ትሕዝቶ ናይዚ መልእኽቲ'ዚ እምብኣር፡ ብስብከት ጥራይ ኢና ንክርስትያን ህዝቢ ኤርትራ፡ ከነመስልሞ ዝክኣል ማለቱ እዩ። ውሰኽ ኣቢሉ መደሪኡ ከስምዕ ከሎ ዶክቶር ጀላን፡ “ሰይድ ኣል-መሓመድ ነቢዩ፡ ንኣመንቲ ምስልምና ደቂ ተባዕትዮ፡ ክሰብኮም ከሎ ከምዚ ኢሉዎም ይብል፡- “ነተን ክርስትያን ደቂ-ኣንስትዮ ተመርዓውወን፡ ምስተመርዓኹመን ግን ጽቡቕ ገርኩም ተኻናኸኑወን፡ መሰለንውን ኣይት-ኸልኡወን፡ ማለት ምርጭኦን እንተድኣ ኮይኑ፡ ንሰን ብሃይማኖተን ይቐጽላ፡ እንተ እቶም ካብ ማህጸነን ዝተወልዱ ህጻናት ግን፡ ብንኣሽትኦም ኣመስልምዎም“ ይብል። ስለዚ ሃገረ ኤርትራ ሃገረ ስብከትያ ማለት ትርጉሙ፡ ኑቲ <u>ማህጸን ክርስትያን ደቂ-ኣንስትዮ</u> መራብሒ ኣመንቲ ምስልምና ይኣይ ይኸውን ማለትዩ። ወይ ጉድ!!

ከም ኣብነት ዝኾነናውን ንኣመንቲ ምስልምና፡ ተዛረብቲ ትግሪኛ ኣብ ኤርትራ ነበርቲ ድኣዮም ዝተባህሉ እንበር፡ “ጀበርቲ“ ኣይተባህሉን። ሕጂውን ኣይንብሎምን ኢና። እቲ “ጀበርቲ“ ዝብሃል መጸዊዒኦም፡ ኣብ ትግራይ ጥራይ እዩ ነይሩ። መብዛሕታኦም ድማ ኣዴታቶም ክርስትያን እየን ነይረን። ስለዚ ኤርትራ ብማህጸን ደቃ ድያ ክትምስልም?
ንብሔርነት ንዝምልከት እንተኾይኑውን፡ እቶም ተዛረብቲ ትግሪኛ ነበርቲ ኣብ ኤርትራ ዝኾኑ ኣስላም፡ ካብ ምስልምና መታሕት ስለዘይፍለዩ፡ ፍሉይ ብሔርነት ንተዛረብቲ ትግሪኛ ኣስላም ኣብ ከበሳ፡ ካብ ጥንቲ ከቶ ጠሊቦም ኣይፈልጡን። እንተድኣ ተዛረብቲ ትግሪኛ ጀበርቲ፡ “ንብሐር ትግሪኛ ኣይንቅበሎን ኢና፡ ንሕናስ ፍሉያት ብሐር ኢና“ ዝብሉ ኮይኖም ግን፡ ብሔራዊ መሰሎም ኣብ ትግራይ ከይዶም ይሕተቱ።

ከመዮ ወጻኢ ጉዳይ ኤርትራ ነበር፡ ነፍሰሀር ዓሊ ሰይድ፡ ኣብ ግዜ ረፈረንዱም ኤርትራ ዝበሎ፡- “መንግስቲ ኤርትራ ዜግነት ትዕድል ድኣንበር፡ ብሔርነት ግን ኣይትዕድልን እያ፡ ብሔር ኢና ካብ በልኩም ግን፡ ኣብ ትግራይ ከድኩም ካብ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ብሔር እንተሓተትኩም ይሓይሽ“፡ ኢሉ ምኽሩ ከምዝለገሰሎም ዘይርሳዕ ታሪኽ እዩ። ትግሪኛ ተዛረብቲ “ጀበርቲ“ ወይ ነባሮ (ነበርቲ) ኣብ ኤርትራ፡ ካብ ጥንቲ ጀሚሮም፡ ካብ ትግራይ ናብ ኤርትራ ምስ መጹ፡ ህዝቢ ኤርትራ ከም ደቂ ዓዲ መጠን፡ ኤርትራውያን ዜጋታት ገይሩ እዩ ተቐቢሉዎም ጸኒሑ፡ ክሳብ ሕጂው ተቐቢሉዎም ዘሎን። እቶም ካብ ከተማታት ኤርትራ ወጻኢ፡ ኣብ ዓድታትን ቁሸታትን ዝነብሩ ትግሪኛ ተዛረብቲ ኣስላም እንተኾኑውን፡ ኣብ ግዜ ረፈረንዱም <u>ቅድመ ኵነት ዜግነት</u> ካብ ኣማልኡ፡ ኤርትራውያን ኣዮም። ስለዚ ኾሉ ኤርትራዊ ኣስላማይ ይኹን ክርስትያን፡ ብማህጸን ደቂ ኣንስትዮኡ፡ ሃይማኖቱ ከስፋሕፋሕ ምስ ዝፍትን፡ ንሕብረተ-ሰብ ገማሚዑ፡ ንረብሓ ግዳማውያን ተፈሊጡዎ ድዩ ከይተፈለጦ ትዓሲቡ ክዓዪ እንተ ዘይኮይኑ፡ ካልእ ከምጽኦ ዝኽእል ህዝባዊ ረብሓን ሃይማኖታዊ ረብሓን ከቶ የልቦን። እቲ ካብ ኩሉ ዝገርም ግን፡ እዞም ተሓለቕቲ ምስልምና ኮይኖም፡ ኑቲ ንኣስታት 17 ክፍለ-ዘመናት ዝኣክል፡ ካብ ምሉእ ዓለም ኵሩዕ ሃይማኖት ክርስትና፡ ዓቂቡ ዝጸንሐ ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ኣብ መበል 21 ክፍለ-ዘመን፡ ከመስልምዎ ኢሎም ምሕላሞም፡ ናይ ነገር ጥዕና ኣይኮነን። እንታይድኣ “እታ ብርኵታ ኣብ ማእከላ እምኒ ኣላታ“፡ እዩ ዝመስል።

ብኻልእ ኣዘራርባ ማለት፡ ኣብ ታሪኽ ተመርኲስንና፡ ክንምስክር እንተድኣ ኰይኑ፡ ኣብ ከባቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ታሪኽ ዝደገም ዘሎ እዩ ዝምስል፡ ኮሎንያል ጣልያን ድሕሪ ኵናት ዶጓዓሊ፡ ኣብ ምጽዋዕ ዓቕሉ ጸቢቡዎን ተስፋ ቈሪጹን፡ ከስተማስል ድሕሪ ምጽናሕ፡ እቲ ኣብ'ቲ እዋንቲ ዝነበረ መንግስቲ እንግሊዝ፡ በቲ ኣብ ከባቢ ጂቡቲ ዓሪዱ ዝነበረ ኮለንያል ፈረንሳ፡ ስለዝሰግእ ዝነበረ፡ ጣልይን መዳፍርቲ መታን ክኾኖ፡ ነቶም ሽዑ ንጉስ ኢትዮጵያ ዝነበሩ ዮውሃንስ ራብዓይ ብምጥባር፡ ሓይሊ ራስ ኣሉላ ተመሊሱ ንጣልይን ከይሃርሞ፡ ቃል-ኪዳን ድሕሪ ምእታው፡ ኣሃሚሉ ግን ንደርቡሽ ብመተማ ከምዝወሩ ገይሩ፡ ሃጸይ የውሃንስ ኣብ መተማ ንሃይማኖቶምን ንሃገሮምን ከምዝስውኡ ኮይኖም። ብሰንኪዚ እቲ ሰራዊት ሃጸይ የውሃንስ፡ ዳግመ ምጥርናፍ ገሩ እንደገና ጸረ ኮለንያል ጣልያን ክምክት ስለዘይከኣለ፡ ጣልያን ከኣ ዝከላኸሎ ሓይሊ ስለዘይረኸበ፡ ነስመራ መሪሹ ኣትዩ። ካብ ኣስመራ ቀጺሉ ከኣ ንኣራት ኪሎ ከምዝኣተወ ዘይርሳዕ ታሪኽዩ። ኣብዚ እዋንዚ እንተኾነውን፡ እንተድኣ ነዚ ኣብ ሰማል ዝካየድ ዘሎ ውዲታት ኣስተብሂልናሉ፡ ብረቂቕ ሜላን ስልትን ተጠቒምካ፡ ነቶም ጠያይትን ቦንብን፡ ካብቲ ጽሉል መዓመር ቃዛፊ መራሒ ሊብያን፡ ካብቲ ፓን ኣራብ ናሽናሊስት ሙባራክን፡ ካብቲ ጅሃዳዊ ዓሊ ዓብደላ ሳሊሕ የመናዊን፡ ዝምጽወተሎም ዘሎ ኣል-ኢትሂሃድ ሶማልያውይን ኣኻኺብካ፡ ነታ ካብ ጥንቲ ጀሚራ ብክርስትና ሃይማኖት ዝተፈልጠት ሃገር ኢትዮጵያ ንምቕጽጻር ዝጥጃእ ዘሎ ጥጅእ እዩ ዝመስል። እቲ ካብ ኩሉ ዘተሓሳስብ ጉዳይ ከኣ፡ እዞም ኤርትራውያን ኣስላም ኢና ዝብሉ ዘለው መትሓፍስቲ፡ ንኤርትራ ብወረ'ምበር ብኣካል ተወሊዶም ዘይዓበዩላ፡ ካብ ፓኪስታንን ኣፍጋ-ኒስታንን ዝተለቀሑዎ፡ ጭሕሚ ዞው ኣቢሎም፡ ቀሚሽ ወለል ኣቢሎም፡ ኣብቲ ውዲት ኣሎና ይብሉ ምህላዎም ክስሓት የብሉን። ሰባባት ስለዝኾኑ ከኣ፡ ዕድል እንተድኣ ኣጋጢሙዎም፡ ማለት ኣይተ ኢሳያስ ንህዚ ከበሳ፡ እንተ ኣላሽ ኣቢሉሎም፡ ብሻሪዓ ዝምራሕ መንግስቲ ጂሃድ፡ ወይ a Sharia Empire through Jihad ክምስርቱ፡ ከይሓፈሩ ከምዝሓልሙ ክንስሕቶ የብልናን። እቲ ኣዝዩ ዘተሓሳስብ ጉዳይ ከኣ፡ እዞም ዘመናውያን ጭሓማት እዚኣቶም፡ ናግራማት ስለዝኾኑ <u>"ሓማስ ቀርኒ ኣፍሪቃ"</u>፡ ወይ ከኣ ዶርቡሽ እቲ ቅድሚ ሚእቲ ዓመት፡ ኣብ መተማ ዝተቐብረ ኮይኖም፡ ኣብ ኤርትራን፡ ኣብ ኢትዮጵያን ክርኣዩ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያን ህዝቢ ኤርትራን፡ ህዝቢ ትግራይን ከኣ ሽውሃት መሰረታዊ ቃልሱ ረሲዑ፡ ኣንጻርዞም መሳርሒ ባዕዳውያን ዝኾኑ ፍንፉናት፡ መታን ክጓየሞ፡ ብዓል <u>ግራስያኒ</u> ከኣ ኣሃሚሎም፡ ነታ ዝሓልሙዋ ዝነበሩን ዘለውን፡ ዓዲ ሃይማኖት ክርስትና ሃገር ኢትዮጵያ ምስ ኤርትራ ትግራይን ንምውራር፡ ተኣሊሙ ዝተዋህቦም ፕሮጀክት እምበር፡ ንሳቶምሲ ኣየውፍሩ ኣየእትዉ እዮም።

እምብኣር ኹሉ ብድሕነት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝግደስ ወዲ ሃገር፡ ክግንዘቦ ዘለዎ ኣገዳሲ ነገር እንተድኣ ሃልዩ፡ መሰረተ ሃገር ዓዲ ምኻኑ፡ ሓንቲ ክርስትያን ወላዲት ኣደ ከኣ፡ ካብቲ ብቃል-ኪዳን ዝተመርዓወቶ ብዓል ቃልኪዳና፡ ወሊዳን ጸጊያን፡ እቶም ውሉዳ ንዓዶምን ሃገሮምን፡ ሃይማኖቶምን ዓቂቦም ንኽነብሩ። ማለት ማህጸን ክርስትያን ኣደ ክርስትያን ክትወልደሉ፡ ማህጸን ኣስላመይቲ ኣደ ከኣ ኣስላማይ ክትወልደሉ። ካብኡ ሓሊፉ እቲ ማህጸን ክርስትያን ኣደ ንመራብሒ ሃይማኖት ምስልምና ዘይኮነስ፡ ንመራብሒ ሃይማኖት ክርስትያን ከገልግል፡ እቲ ማህጸን ኣስላመይቲ ኣደ ከኣ ከምኡ ንመራብሒ ሃይማኖት ምስልምና ከገልግል። እዚዩ እቲ ፍትሒን፡ እቲ ዲሞክራስን ወይ ቅኑዕ መሰልን። ካብኡ ሓሊፉ ዝግበር ግን ሽፈጥ ስለዝኾነ ኣይግድን። ንስትራተጂ ዓዲ ከኣ ከም መግልጺ መንነቱ ወሲዱ፡ እንተድኣ ንሓቂ መኪቱ ተቓሊሱ ጥራይ እዩ፡ ንዲሞክራስያዊነት ከደንፍዕን ከሐይልን ዝኽእል፡ ንሓድነት ህዝቢ ክርስትያንን ኣስላምን፡ ንልዑላውነት ሃገርን ከኣ ዋሕስነት ክረጋግጽ ዝበቅዕ። ካብዚ ሕቂዚ ሃዲምካ፡ ዓዲ ስለዘይብልካ፡ ሃይማኖት ከም መመኽነይታ ገርካ ንዓዲ ዘለዎም መሰሎም ምትንካፍ ዓዲ ኣየጋብርን ስለዝኾነ ኣይግድን።

እቲ ካብ ኩሉ ዘተሓሳስብ ጉዳይ እንተልዩ ግን፡ እቲ <u>ሜንታል ማኑፕለይትድ ሮቦተር</u> ዝኾነ ኢሳያስ፡ መሰል ህዝቢ ኤርትራን፡ ሕቶ ሰላምን ሕቶ ዲሞክራስያን፡ ሕቶ ልዑላውነትን፡ ሕቶ ሃይማኖትን ከይዓጀቦ፡ ንረብሓ ግዳማውያን ሓያላት ሃገራት መሳርሒ

ብምኳን፡ ጸረ ኣሕዋትና ዝኾኑ፡ ክርስትያንን ኣስላምን ኢትዮጵያውያን፡ ብዓቢኡ ከኣ ብደም ኢርትራውያንን ብምሽቓጥ፡ መንገዲ ግሎባላይዘሽን መታን ክጸርግ፡ ዓንተር ቀርኒ ኣፍሪቃ ኮይኑ ክርአ ይደሊ ኣሎ። እቲ ካብ ኩሉ ዘሕፍር ከኣ፡ ነቲ ፍሹል ዝኾነ ፖለቲካ ኣኽረርቲ ሃይማኖት ምስልምና ደጊፉ፡ ምስ ደቂ መዛምርቲ ጭፍራ ኣልካሂዳ ዝኾኑ፡ ኣል-ኢትሂሃድ ሶማልያውይን ክዕንድር እርአ ምህላዉ እዩ። በተን ብደም ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ዝጨቀዋ ኣእዳው ከይሓፈረ ከኣ፡ ኣብ ዘይ መንጠቢትክን ኣይትእትዋ ኢድክን ከምዝብሃል፡ ሓዊ ከሳውር ቀንጠብጠብ ክብል እረአ ኣሎ። ንኢትዮጵያ ከኣ ሕሉፍ ሓሊፉ፡ ምስቶም ቅንጅት ዝብሃሉ፡ ኣብ ዋሽንግቶንን ችካጎን ተጠፍጢፎም ዝተሰርሑ፡ ሕጽኖት ብምግባር፡ ኣብ ሓደ ሕሱርን ረብሓ ዘይብሉን ኵናት ሰሜናዊ ምዐራብ ክጠብሳ፡ መሳርያ ጓረትኩ ኣራጋፍኩ እናበለ፡ ዘበጥ-በጥ ይብል ኣሎ። እዚ ግን ነቲ ብኣድህቦ ንታሪኽ ኢሳያስ ኣብ ቃልሲ ኤርትራ፡ ክግምግምን ክመዝንን ዝኽእል ሰብ፡ ኢሳያስ ንሜዳ ኤርትራ ክወጽእ ከሎ ኣትሒዙ፡ ንጓኖት ዝረብሑሉ ሕቡእ ኣጀንዳ ንኽተግብር'ምበር፡ ከቶ ንነጻነት ህዝቢ ኤርትራን ንረብሓ ከባቢናን፡ ኢሉ ከምዘይወጸ ክግንዘብ ይኽእልዩ። እዚ ኣቦቱኡ ከሎ፡ እቲ ካብ ኩሉ ዘሕዝን ከኣ፡ እቶም ኣብ ነጻ ሃገራት ዓለም ዝቕመጡ፡ ምሁራትን ክኢላታትን መራሕቲ ውድባት ኢና ብሃልትን፡ ንጉዳይ ኤርትራ ምስጢሩ እናፈለጡዎ ኣንከለው፡ እንተ ሓመቑ ነቲ ሓቂ፡ ንህዝቢ ኣብ ክንዲ ዝገልጹሉን፡ ህዝቢ ኤርትራ ፈታዊኡን ጸላኢኡን ኣለልዩ ከምዝቃለስ ዝገብሩዎን፡ ብኣንጻሩ ተስፋ ቆሪጹ፡ ኣላሽ ክብልሞ፡ ኢሳያስ ክሳብ ዝሞተሎም ቍልጭ ክብሉ ክጸንሑ መሪጾም ምህላዎምዩ። በዚ መኽንያትዚ ከኣ ሎሚ ኣብ ኤርትራ፡ ብዘይካ ሓደ እሰያስ፡ ንዓቢ ኮነ ንንእሽቶ ጉዳይ ዝውስን፡ ንሃገር እንተደለየ ክሽይጥ ክልውጥ ከይተረፈ፡ ዳርጋ ህዝብን ተቓወምትን ምሁራትን ፍቓድ ዝሃቡው እዩ ዝመስል ዘሎ። ንሱውን ዳርጋ ብዘይካኡ ካልእ ወዲ ሃገር ከምዘየለ ፈሊጡ እዩ ዝራባረብ ዘሎ። እሞ ሰለስተ ሚልዮን ንኣክል ቍጽሪ፡ ኣሎና ንበሃል ኤርትራውያን፡ እንተ ክልተ ካብ ሚእቲ ከፈልና፡ ኣሜን ኢልና እንተተመለኽናን፡ ዓድና ክንኣቱ ዘፍቅድ፡ እንተጸልኤ ከኣ ዋላ ንሬሳና፡ ኣብ ዓዲ ከይቅበር ዝኽልክል፡ ንዓበይቲ ኮነ ንኣሽቱ፡ ጠበንጃ ተሰኪሞም ዝልኣኹዎ ሰብ ጽሮራ ዘደስክል፡ ዝቐጽዕን ዝኣስርን፡ ዝርሽንን ሰብ ምኳኑ ንኣምን ካብ ኮና፡ ወይ እሰያስ ካብ ኵልና ህዝቢ ኤርትራ ንላዕሊ፡ ዝበለጸ ጅግንነትን ዓቕምን ኣለዎ ማለትዩ፡ ወይ እቲ ንሱ ዝፍጽሞ ዘሎ ቅኑዕዩ ማለትዩ፡ ወይ ከኣ ንሕና ኵልና ህዝቢ ኤርትራ፡ ትኣኪብና ክንዲ ናቱ ዝኣክል ዓቕሚን ክእለትን የብልናን ማለት እዩ። ዓቕሚ ኣለዎ ዝበሃል ኤርትራዊ ውል-ቀሰብ ይኹን ውድብ እንተልዩ ግን፡ ንሃገርና ኮነ ህዝብና፡ ካብዚ ሎሚ ብእሰያስን ስርዓቱን ዝወርዶ ዘሎ ግፍዒ ዝኸፍእ ስለዘየለ፡ ሕጂ ተስፋ ዝህብ ዕማም ማለት ሓድነት ደቂ ሃገር፡ ክዓምም ካብዘይፈተነ፡ እቲ ጉዳይ እናሰምዐ ዝሞተስ እናርኣየ ቅበርዎ ጥራይ ኣዩ ክኸውን።

ዓወት ንውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ
ዓወት ንዘይሕለሉን፡ ተስፋ ዘይቈርጹን፡ ተቓለስቲ ደቂ ሃገር

ይቕጽል